# እንዳ ዕኮት ኣይትተንከፍ

**ሕዳር 11/2019**

**BEWARE OF WASP NEST**

**ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)**

ካብ ታሪኽ ክንመሃር ንኽእል እንተንኸውን፡ ታሪኽ መኻዚኖ ምድግጋም ጌጋታት ኣይምኾነን፤ If we could actually learn from history, history wouldn't be full of the same repeated mistakes፤

ዝኾነ ይኹን ኣርእስቲ ኣልዒልካ ክትጽሕፍ፡ ክትዛረብ ማለት ክትምድር እንተድኣ ኰንካ፡ ብዝከኣል መጠን፡ ይሕጸር ይንዋሕ ታሪኻዊ መበገሲ ምስ እትገብረሉ ንትሕዝቶኻ ኣገዳሲ ክገብሮ ይኽእል ኢዩ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒሰዮ ዘለኹ ጥቕሲ፡ ወረርትና ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ከተኵር ከለኹ፡ ካብ ታሪኽ ክመሃሩ ድሉዋት እንተዝኾኑ ነይሮም እናሳዕ ማለት እንዳተመላለሱ ብዝተፈላለየ መንገድን ጥበብን ክወሩና ኣይምሃቀኑን ነይሮም።

ወረርቲ ተስዓርቲ ምኻኖም ካብ ታሪኽ ዝመሃሩ ነይሮም እንተዝኾኑ፡ ወረራ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ምዕራፍ ኣይምሃለዎን። ግን ክውንነት ከምኡ ኰይኑ ስለዘይተረኽበ እንሆ ኣብ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ምሉእ ዓለም ክኣ ብሓፈሻ ወረራን ዓመጽን ኣካል ናይ ታሪኽ ኰይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ማዕረ-ማዕረ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ውሽጣዊ ጥልመትን ክድዓትን'ውን ኣካል ናይ ወረርቲ ሓይልታት ዓለም ኰይኑ ንውጹዕ ህዝብታት ዓለም ከሳቒ ከሎ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብፍላይ ጎሊሑ ይርአ'ሎ። ጥምየትን ዕርቃንን፡ ስደትን ውርደትን፡ ግፍዕን መከራን፡ ምብትታን ናብራን ነጊሱ ይርከብ። ነዚ ዘስካሕክሕ ሃለዋት ግን ወረርትን ከድዓትን ብኣመራርሓ ደረጃ፡ ተበለጽትን ኣርሒቕካ ምሕሳብ ዝተሰወሮምን ዝንጉዓትን ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ ሕራይ ኢሎም ተቐቢሎሞ ይርከቡ።

እዞም ኩሎም ዝተጠቕሱ፡ ንዘይቅኑዕ ናብራ ወካይል ክኾኑ ናይ ምትእምማን ሕልንኦም ደርብዮም ሕራይ ዝበሉ፡ ስዕረቶም ዘይተርፍ ምኻኑ ምርኣይ ዝተሳእኖም ኢዮም።

ኣብ ክውንነትና ክንመጽእ ከለና፡ ኩሎም ወረርትናን ከድዓትን እንዳተሳዕሩ ኣብዚ ዘለናዮ ደረጃ በጺሕና ከነብቅዕ፡ ገና ተመሳሰልቲ ደርብታት ካብ ስዕረትን ዓወትን ክመሃሩ ኣይክኣሉን። እንታይ ኢዩ እቲ ምስጢር ተኸዊሉዎም ዘሎ ኢልና ምስ እንሓትት፡ ኣብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ውልቀሰባትን፡ ጒጅለታትን፡ ውድባትን፡ ድሑር ዝምባሌታትን ስለዝሕጸሩ፡ በቲ ካልኣይ መዳይ ክኣ፡ ካብ ሓይሊ ሓያላን መንግስታትን መሻርኽቶምን ስለዝርዕዱን ጽግዕተኛታት ኰይኖም ክነበሩ ስለዝመርጹን ኢዩ።

ከምዚ እንተ ድኣ ኰንካ፡ ነብሰ ምትእምማን እንተ ተጸንቂኹካ ነቲ መስርሕ ቃልሲ ስለ ዘይትቕበሎ፡ ኣብ ቀቢጸ ተስፋነትን ተስፋ ምቝራጽን ተሓጺርካ ንስዕረትን ንባርነትን ኢድካ ከም እትህብ ትኸውን። ኣብ ቃልሲ፡ ተስፋ ምቝራጽ እቲ ዝልዓለ ዕንወት ክኸውን ከሎ፡ ታሪኽ ምዝካር ክኣ፡ እቲ ዝለዓለ ዕጥቂ ኢዩ| ኣብ ታሪኽ ቃልስና እቲ ዝለዓለ ዕንወት ዘጋጠመና፡ ክሳብ ሕጂ ዘይበለየ ጥልመት መራሕቲ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝለዓለ ዕጥቂ ክንዝክሮ ዝግብኣናኸ እንታይ ኢዩ ምስዝብሃል፡ ዓርሞሸሻዊ ሓይሊ ህዝቢ ኢዩ። ነዚ ክልቲኡ ዘይተቓዳዊ ተማዓደዊ፡ ተጻባኢ ምስጢር እንተ ተጋሂዱልና፡ ቃልሲ መሪር እኳ ክኸውን እንተኽኣለ፡ ዓወት ናይ ግድን ክኸውን ግድን'ዩ።

እንተድኣ ህዝባዊ ምንቕናቕ ዝለዓለ ዓርሞሸሻዊ ሓይሊ ኰይኑ፡ ካብ ታሪኽ ክንምሃር ክኣ ንኽእል እንተድኣ ኰንና፡ ከምኡ ድማ ናይ ምዝካር ዓቕምና ሂወታዊ ምሰ ዝኸውን፡ ካብ በበይንኻ ቍዘማ፡ ብሓባር ኰንካ ዜማ መንገዲ ዓወት ምዃኑ ስለምንታይ ይስወረና? እምብኣር እዚ ሽግር'ዚ ተረዲእና ኣብ ስምምዕ ከንበጽሕ እንተዘይ ተኻኢሉ፡ እዚ በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ ሓድሽ ጠለብ ይጠልብ ምህላዉ'ውን ንምልላዩ ከሸግረና'ዩ።

**እዚ መድረኽ'ዚ ብገምጋመይ ሓድሽ መድረኽ ኰይኑ፡ ከም ሕንቅል-ሕንቅሊተይ መድረኽ ዝሓረኻዮ ምረጽ ኢዩ። ካብ ምንታይን ካብ ምንታይን'ዩ ›ቲ ምርጫ ምስ ዝብሃል፡ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ስለ ዘሎ ብሩህ ኢዩ።**

ኣድላይ እንተኾይኑ ግን፦ ካብ ምጒጅጃላት፡ ካብ ዝመሳሰላዶ ዘይመሳሰላዶ እንዳበልካ ምርብሓት ናይ ፖለቲካ ቍሸታት፡ ካብ ፈታዊኻን ጸላኢኻን ዘይንጸረሉ ናይ ምሽክንክን ውሳኔታት፡ ካብ ዘበን ኣምጽኦ ተክኖሎጂ ተጠቒምካ ብሕቱው ውልቀ ኣውያታትን ንዕኡ ዝመስል ናይ ሓድነት ህዝባዊ ራኢ ዘይብሉ ካብ ተግባር ርሑቕ ዝኾነ ምትእኽኻባትን፡ ብሓደ ወገን ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልኣይ ወገን ክኣ ንደምበ ተቓውሞ ዘነቓንቐ ዄኹቶ እንዳረገጽ፡ ብዓይኒ መርፍእ እንዳሓለፈ፡ ብናይ ቀለዓለም ደገፍ እንዳተሳቐየ ህርድግ ዝብል ዘሎ **ይኣክላዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ኢዩ። ሳልሳይ ኣሎ እንተ ተባህለ፡ ኣብ መንጎ ጸምበለል ትብል ጃልባ ዝተሰቕለ ተጋላባጢ መስመር ተበለጽቲ (opportunism) ኢዩ።**

**ኣርእስተይ እንዳ ዕኮት ኣይትተንከፍ ኢዩ ዝብል። ዕኮት እቶም ትፈልጥዎ - ትፈልጥዎ ኢኹም። ነቶም ዘይተፈልጥዎ ግን፡ ዕኮት ንህቢ መሳሊ ኰይኑ ዝጻብኦ ወይ ሰፈሩ ዝትንከፍ እንተ ኣጋጢሙዎ መርዛም ሕንዚ ዘለዎ ተናኻሲ ፍጥረት'ዩ። ስለ'ዚ ድማ እንዳ ዕኮት ኣይትተንከፍ ይብሃል።**

ፖለቲካዊ ትርጉም ናይ ኣርእስተይ እንታይ ኢዩ ምስ ዝብሃል፡ ልክዕ ንህዝቢ ከም ዕኮት መሲለዮ ስለ ዘለኹ፡ ኣበሃህላይ ህዝቢ ኣይትተንከፍ ንማለት'የ። ህዝቢ እንተድኣ ተበዲሉን በደሉ ፈሊጡ ክኣ እንተ ተላዒሉን፡ ንዕኡ ዝብድህ ሓይሊ የለን። ታሪኽ ቬትናም ንዝዝክሩ፡ ካብ ስርዓት ኣመሪካ ዝብርትዕ ኣይነበረን። ህዝቢ ቬትናም ምስኡ ክመጣጠን ከሎ ዕሙኹቲ ኢዩ ነይሩ እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ህዝቢ ኣሜሪካ ንወረራ ናይ ገዛእ ርእሱ መንግስቲ ይተቐበሎን። ቃልሲ ቬትናማውያን ብተሳትፎ ምልኣተ ህዝቢ ንሰውርኡ ተቐቢሉዎ። **ኣብ መወዳእታ ክኣ ህዝቢ ክልቲኡ ሃገራት ኣሸኒፉ።**

እዚ ናይ ማዕዶ መረዳእታ ኢዩ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ እንተመጺእና እቶም ኣብ ታሪኽ ትግደሱን ትዝክሩን ኣብ መንጎ ሰንሰለታዊ መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጲያን ኣብ መንጎ ሰውራናን ዝነበረ ሓይሊ ሚዛን ኣጸቢቕኩም ስለ እትፈልጥዎ እንታይ ክዛረበሉ! **ሓይሊ ህዝቢ ዝዝክሮ እንተስኢኑ ግን ዓቢ ታሪኻዊ ክሳራ ኢዩ።**

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቶም ብታሪኽ ዘይግደሱን፡ ምዝካር ክኣ ሓያል ዕጥቂ ምኳኑ ዝዝንግዑን፡ ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ደው ክብሉ ኣይመረጹን። ናይ ቀልዓለም ደገፍ ብምሃብ ዓውዲ ዝጸቐጡ ይመስሎም ይኾውን፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ግን ኣብ ነብሲ ወከፍ ስዓት ናይ ንቕሓት ልቢ እንደገዝአ ይኸይድ ምህላዉ ካብቲ ክዝክርዎ ዝግብኦም ረቛሒታት ሓደ ምኳኑ ክግንዘቡ ይግባእ። ዓወት ምስ ተረኽበ ዘብ-ዘብን ዝወደቐ ገረብን ዝቐንጠብ ፍረ የብሎምን። እዚ'ውን እንተ ድኣ ንዝክር ኰንና ሓደ ካብቲ ኣብ ናይ ቀረባ ተሪኽና ዘጋጠመ ተርእዮ ኢዩ።

ሎሚ በብጉጅልኡን በብውድቡን ክትኩስ ዝመረጸ ብናይ ገዛእ ርእሱ ትኪ ክዓውር ዝደለየ ጥራይ ኢዩ። ሰውራዊ መኸተ፡ ብዛዕበ ምትኳስ ዘይኰነስ ብዛዕባ መጭማት ኢዩ። ኣብ ኣስመራ ቀደም በቲ ጸግዒ ማይ ኣምበሳ ኣኽርያ፡ ኣብቲ ትሕቲ ጎቦ፡ ቡርሳለ (tiro al bersaglio) እንብሎ ዝነበርና ናይ ተኹሲ ምጭማት ልምምድ ይግበር ነይሩ። ምትኳስ ጥራይ ኰይኖም ከይተርፉ ማለትዩ። **ምትኳስ ጥራይ ዋጋ የብሉን። ከም ደርጊ ዝተኰሰ የለን፡ ኤርትራውያን ግን ብምጭማት ስዒርናዮ።**

**እንዳ ዕኮት ኣይትተንከፍ ማለት እምብኣር እንዳ'ቶም ዝትኩሱ ጥራይ ዘይኰነስ፡ እንተዳ'ቶም ተኲሶም ዘይስሕቱ፡ እንዳ'ቶም ዝጭምቱ ኣይትተንከፍ ማለት ኢዩ።**
ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ካብ ሕጂ ንንዮው ድሮ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝዓናቕፍዎ

እንዳ'ለለየ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ንሰጋእ-መጋእ ዝብል ድሓን ውዓል፡ ንበዓል መርገጽ ክኣ ንኺድ ተልዓል ምባል ጥራይ ኢዩ ዘዋጽኦ።

**ቀደም ኣብ ኣስምራ መደበር፡ ዕዳጋ በብዓይነቱ (Mercato generi vari) ዝበሃል ነይሩ።** በብዓይነቱ ስልከ-ምልኪ ሓጻዊን፡ ቆርበታት ዕንቈ-ምንቍ ክንደይ ክትብሎ፡ ሳእኒታት ዝሸየጥን ዝልወጥን መሳምር ስለ ዝነበሮ ኢዩ። ቀደም ኣብ ኣስመራ ዝድርበ ንብረት ኣይነበረን። ዋላ ወረቐት ናይ ንጽህና ንዳግመ-ፋብሪካ (recycling) ይእረ ነይሩ።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ሎሚ ድማ፡ ደምበ ተቓውሞና፡ ዕዳጋ በብዓይነቱ ፖለቲካዊ ቊንቊኛታት ኰይኑ'ሎ። ዝድርበ ትሕዝቶ ኢዩ ማለት ኣይኰነን። ዘዝደለየ ዓሚል ዝኸደን ዕዳጋታት ስለዝኾና ግን፡ ነዚ መድረኽ'ዚ ዘገልግላ ስለዘይኰና፡ ክዕጸዋን ክኽፈታን ስለ ዝነብራ፡ ናይ ፍሕት-ኣልቦ ትካላት ምኺነን ንምልላይ ምስ ዝድለ፡ ዝሓለፈ ታሪኽ ዳርጋ ሳላሳ ዓመት ምዝካር እኹል ጭብጢ ኢዩ።

ብመድያታት መዳይ እንተ ኸድና'ውን ተመሳሳሊ ጸገም ገጢሙና ስለዘሎ፡ **ኣደይ ማርያም ወድኸን ዶ'ለዉየ፡ እወ'ለዉ፡ ኣላምናና ግዳ ኰይኑ፡** ኣብ ንዓይ ድማ ኣዋጽኡለይ (donation) ኣትዩ ንንፋንጥኡ ሰለይ ይብል ኣሎ። በርግጽ ኣስተዋጽእኡ ተለላይ ዋጋ ኣለዎ። እንተኾነ ግን ሩባ ኣውሪዱ ዓዲ ዘእቱ ሆየ ኣይኰነን።

ኣነ ሓደ ካብቶም ብዛዕባ ኣስመራን ሃገረ-ሰብን ውሽጡን ውሻጢኡን ንኽፈልጥ ዝተዓደልኩ ሰብ'የ። ነቶም ሆየ ናይ ሃገረ-ሰብ ዘይትፈልጡ፡ ኣብ ዓድና መዐንደርን መውረድን ዝብሃል ሆየ'ሎ። እቲ መዐንደሪ ሓደ እሳሩ ኰይኑ፡ ኣብ ማእከል ዓዲ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ዝዕንድርሉ'ዩ። እቲ መውረዲ ክኣ ከም ጕብዝናኻ ክሳዕ ዓሰርተ እሳሩ ሩባ ኣብጺሑ ዓዲ ዘምልሰካ ናይ ድልዱላት መንእሰያት ኢዩ። ነዚ ክብል'የ ኣወዳድባና ኣውሪዱ ዓዲ ዘእቱ ሆየ ኣይኰነን ዝበልክዎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዘዐውተና ሜላ ኣይኰነን ክብል ስለዝደለኹ'የ። ዋላ'ውን ቤተ ክርስትያናት እንተርኣናየን ኣብ ተመሳሳሊ ምምቕቓል ይርከባ ኣለዋ። እታ ኣዋጽኡለይ ክኣ ኣይተረፈትን።

**ብወገነይ ምንቕ ዘይብለላ ምርጫይ መንገዲ ዓወት፡ እታ ዕዳጋ ንኹልና ተርብሓና መደበር ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኢያ።** ኣብ'ዛ ምርጫ'ዚኣ ኣብ ሰጋእ-መጋእ ዝኣተወ ኩሉ ዓወት የብሉን። ኣብ ግጥምያ ናይ ሓዝ ኣይትግደፍ ሰጋእ-መጋእ ዝብል ወዳቒ ኢዩ።(Those who hesitate never win). ኣብ ኲነታትና ኣብ መንእሰይ ብፍላይ ሰጋእ-መጋእ ብዝኾነ ዓይነት ምኽንያት ምልክት ስነ ኣእምሮኣዊ ዕነወት'ዩ፡ ኣብ ኣዛውንቲ ማለት ሽማግለታት ዓበይቲ ክኣ ኩሉ ምሉ ኣካላዊ ድኽመት'ዩ። ኣስካር

ዊልደ፡ ስነኪነታዊ ጽሓፋይ፡ ገጣማይ ከምኡ ድማ ደራሳይ ከም ዝበሎ፦ Oscar Wilde Playwright, poet and author Hesitation of any kind is a sign of mental decay in the young, of physical weakness in the old¡. ኢሉ ይምህር። ኣነ ኣብ ኩነታትና ክርእዮ ከለኹ ትኽክል ኰይኑ ረኺበዮ'ለኹ።

ሎሚ ኤርትራውያን ሓድነት ክንገብር እንተድኣ ኰይኑ ትምኒትና፡ ናይ ሓድነት መለኸትና ብዘይ ጥርጥር ይኣክል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ስለዝኾነ፡ ንእዝንና ከም መስምዒ፡ ንኣእምሮና ድማ ከም መተርጐሚ ክንጥቀመሉ ንሕተት ኣለና። ሎሚ ናይ ግህዶ ቃልሲ'ምበር ናይ ባይታ-ባይታ ይኹን ውልቃውን ብሕታውን ጕጅላውን ትሒም-ሒም ክምኖ'ለዎ። ኩሉ ዓይነት ውልቀ ፖለቲካዊ ሃለዋት ኣብ ኣሰራርዓ ቀደምትነት ናይ ቃልሲ ድሕሪ ይኣክላዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ክስራዕ ይግባእ። ምእንት'ዚ ድማ'ዩ ታሪኽ ምዝካር ኣገዳሲ ዝኸውን።

ድሕሪ ደጊም ኤርትራ ሃገርና ንናይ ኢትዮጲያ ሓድነት ብኡ ጌራ ድማ ኣራግጽ ንናይ ዓለም ለኻዊ ሃጸይነት ትሕጃ (down payment) ኣይክትከውንን ኢያ። ይኣክል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ውሕስነት ናይ ግሉጽነት'ዩ። በዚ ዓይነታዊ ረቓሒ ነጥቢ ክኣ'ዩ ከም ኣገባብ ቃልሲ ናይ ሓባር ጌርና ክንመርጾ ዝግብኣና። እቶም ዘይፈለጡ ክፈልጡ፡ ይኣክል ኣብ ማእከል ኤርትራ ሃለዋቱ ከበስረና ጀሚሩ ስለዘሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ወኑ ተላዒሉ፡ ድሮ ሓረግ ተቓለስቲ ብዓል መን ኸኣኖም ተበሲሩስ፡ ባንዴራ ሓርነት ደሞክራሲ ንኽንብልበል፡ ተስፋ ዓወት የንጸባርቕ ኣሎ። እታ ጀጋኑ ወሊዳ ዘይትርብርብ ኤርትራዊት ኣደ ክኣ አሰይ'ዞም ደቀይ እትብለሉ ሰዓት ቂም-ቂም ትብል ኣላ።

ሎሚ ኤርትራውያን ንናይ ሓሶት ትረኽቲ ከነቃልዖም ሓደ ካብቲ ዓበይቲ መድብ ዕዮና ክኸውን ኣለዎ። እንዳ ዕኮት ኣይትተንክፍ ማለት ታሪኽ ህዝቢ ኣይትጸይቕ ከም ጨው ከይትሓቅቕ ማለት'ውን ኢዩ። ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሳ መሓውራት ህዝቢ ኣለዋ። ኤርትራ ኢትዮጲያ ማለት ኣይኰነትን።

ታሪኽ ረቂቕ ጸብጻብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ ብባህርያቱ ሕውስዋስ ምህርቲ ከም ምኻኑ መጠን ቅኑዕን ዘይቅኑዕን፡ ሓቅን ዘይሓቅን ትሕዝቶ ይርከቦ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ተረኽቲ ናይ ሓሶት ስርሓት (pseudohistorical works) ስለ ዝሕወሶ ንብዙሓት ኣብ ድንግርግር የእቱ። ሎሚ ንእሳያስን ስዓብቱን ምስኡ ዝመሻኸኑን ዝሻረኹን ዓመጸኛታት፡ ንሃገራዊ እንታይነትና ከዛናብውን ዘይትርጉሙ ክህብዎን ከለዉ፡ ብናይ ሓቂ ታሪኽ ከነሸንፎምን ታሪኽና ከምዘይዕበጥ ክንገብርን፡ ብንቕሓታዊ ብቕዓት፡ ዘከርቲ ዝሓለፈ ኤርትራዊ ጕዕዞና ክንከውን ከድልየና ኢዩ።

ንዘስተውዕል ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ደው ምስ እንብል ኩሉ ዝኽኣል ክኸውን'ዩ። መረዳእታ ምስ እንደሊ፣ ኣብዛ ህልውቲ ዓለምና ህዝባዊ ምንቅስቓሳት እንታይ ይገብር ከም ዘሎ ንተዓዘቦ። ንገሊኦም መራሕቲ'ሞ እሺ ጒይታይ ኣቢሉዎም ከም ዘሎ ትከታተልዎ ትህልዉ።

ኣብዚ ጒዳይ'ዚ ተራ ደቀ-ንስትዮ ዓቢ ክኸውን ንጽበ። ምኽንያቱ ኣብ ገለ ስነፍልጠታዊ ምሁራዊ መጽናዕቲ ከም ዘምበብኩዎ፣ ሓንጎል ደቀ-ንስትዮ ካብ ናይ መዛኑአን ደቂ-ተባዕትዮ ብናይ ሰለስተ ዓመት ጒብዝና'ለዎ። (Women's brains appear to be about three years younger than those of their male counterparts, the study finds) ኣበሃህላይ ንዝሓለፈ ገድላዊ መስርሕና፣ ብትኽክል ናይ ምዝካሩ ዓቕሚ፣ ንዓና ንደቂ ተባዕትዮ ጸብለል ክብላና ስለ ዝኽእላ፣ ዓቕመን ኣብ ይኣክላዊ ጥምጥም ከገልግለና ይኽእል ኢዩ ንምባል ዝኣክል ኢየ።

እወ እንዳ ዕኮት ኣይትተንክፍ ክብል ከለኹ ኣጽፋረክን ነዝማልቶ ጥራይ ክኸውን የብሉን። መሐንፈጢ ክኣ ክኸውን ኣለዎ። ንህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል መሐንፈጢ ኩንኦ።

ብዝተረፈ፦ ይኣክል እንዳ ዕኮት ኣይትተክፍ በሎም እንዳበልኩ በዛ ሓጻር ግጥመይ ናይ ሎሚ መልእኽተይ ክዛዝም'የ።

## ይኣክላዊ ማዕበል

ኣንታ ጥሓሒሳ ውሕጅ መረብ

ፍረ ስውኣትና ናይ ደም መትረብ

ንጣብ ከየትረፍካ ተጸባጸብ

ንብረትካ'ያ ሃገርካ ተረከብ

እንዳ ዕኮት ኣይትተንክፍ በሎም

ምድረ ጠላም ግልብጥብጥ ኣመሎም

ወግሐ-ጸብሐ ትቕየር ልሳኖም

በይኖም ዝፍርሙ ተጐልቢቦም

ካብ ተሳእካ ይኣክል ንምሽቱ

ዝተለውሰ ብሑቕ ተሰንኪቱ

ተዓቢጡ ነይሩ ተኸፊቱ

ጸያቕ ማዕጺድ ኣኺሉ ሰዓቱ

ተዘሪኡ ነይሩ ዘይበቘለ

ተኻሲሱ ኔይሩ ዘይበሰለ

ተፈቲጉ ነይሩ ዘይተፈትለ

ይኣክል ኣላማይ እንሆለ

ውሕልነት ናይ ቃልሲ ተማሂሩ

ካብ መን ተልኩም ካብቶም ዝነበሩ

መዛግብ ናይ ታሪኽ ዝዝክሩ

ዝላደዩ ዝፈልጥዎ ስሩ

ዕኮት ኢኻ ሰፈርካ ኤርትራ

ንስኻ ኸለኻ መን ክደፍራ

ጥርቀ ኢኻ ማንም ዘይሓኹራ

ኣባኻ'ዩ ኹሉ ኩዳ ስብራ።

የቐንየለይ! ሰናይ ቅነ፡ ሰላምኩም ዝምነ።

ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)